# ውጥን ዳግመ-ክፍታ ቀሰብቾስ

**ቀቅድሚ ነፍሰወከፍ ምፍኺሳት ጽፍሕታት ኩሉንትናዊ ግምገማ ኣብ መወከሲ ነጥብታትና ይሙርኰስ።**

**ኣብዘን ሳዱናት ዘለዉ ደረጃታት ስጕምቲታት ምፉኺሳት ድሕሪ ምምጽኡ ዝምልከቱ ትሕዝቶታት ኢዮም ሓቝፎም ዘለው።**

ብመሰረት ሃገራውያን ስጕምቲታት ምፉኺሳት ይምጻእ ደኣ እምበር፡ ባርዓት ኮሮና ብከባብያውያንን ዘባውያንን ስጕምቲታት ከነበርዕኖም ክንግደድ ኢና።

**እዞም ተነዲፎም ዘለዉ ጽፍሕታት ምቅይያራት ክግበረሎም ምናልባሽ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ ኣብ ናይ ዳግመ-ክፍታ ዘሎ እዋን ስጕምቲታት ምኽራር ኣይክህሉን ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።**

**እዞም ዝተኣታተዉ ምፉኺሳት ምስ ምናልባታዊ ኣጠቓቕማ ምስክር ወረቐት ኮሮናን ብብዝሒ ምርመራን ግድን ኣተኣሳሲርካ ክርአዩ ኣለዎም።**

| **ምድብ** | **ውጥን ዳግመ-ክፍታ ቀሰብቾስ** | | | |
|---|---|---|---|---|
| | **1ይ ጽፍሒ (መዳለዊ )** | **2ይ ጽፍሒ** | **3ይ ጽፍሒ** | **4ይ ጽፍሒ** |
| **ኣጸደ-ህጻናት፡ ቤት ትምህርቲታትን መዋዕለ-ህጻናትን/SFO** | ተምሳል ሰማፎሮን ከባቢያዊ ግምገማታትን ተኸተል። | ተምሳል ሰማፎሮን ከባቢያዊ ግምገማታትን ተኸተል። | ተምሳል ሰማፎሮን ከባቢያዊ ግምገማታትን ተኸተል። | ተምሳል ሰማፎሮን ከባቢያዊ ግምገማታትን ተኸተል። |
| **ዩኒቨርሲታት፡ ኮለጃትን ቤት ትምህርቲታት ሞያን** | ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ ብምጥንኻር ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤት ትምህርቲ/ካምፓስ ምህላው ይከኣል። ቤተንባብን ቤተመጽሓፍትን ንከይእቶ ይኽልከል። ስፍሕ ዝበሉ ሰዓታት ክፍልታት ኣስተምህሮታትን ምትእኽኻባትን ክውገድ ይግባእ፡ ምህሮ በብንኡሳን ጕጅለታት ክካየድ ይከኣል። | ብኣካል ተረኪቦም ንክምሃሩ ብዝሒም ይውሰኽ። ምምርማር ኮሮና በብእዋኑ ይካየድን ይጽዕቅን።<br><br>ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ንምቅላል ዘዝተረከቡን ኰፍ ዝብሉሉን ይምዝገብ። | ብኣካል ተረኪቦም ንክምሃሩ ብዝሒም ይውሰኽ።<br><br>ምንዳይ ምንጪ ለብዒ ንምቅላል ዘዝተረከቡን ኰፍ ዝብሉሉን ይምዝገብ። | ሓፈሻዊ ስጕምቲታት ምክልኻል ለብዒ |
| **ስፖርታዊ ንጥፈታት ናይ ክሉን ንጥፈታት ትርፊ ግዜን ዕረፍትን** | ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ልምምድን ንጥፈታት ዕረፍትን ትርፊ ግዜን ከካይዱ ይከኣል ኢዩ። ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ካብ ምሕላው ሕድገት ይወሃቦም።<br><br>ኣብ ውሽጣዊ እንግዶት እንተበዝሑ 10 ሰባት ቈወምቲን ዝተመልከተሎም | ደቂ ሓደ ንኡስ-ዘባ ዝኾኑ ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ክሳብ 100 ዝኾኑ ተሳተፍቲ ዘለዎ ውሽጣዊ እንግዶት ክእከቡ ይኽእሉ ኢዮም (ብቐንዱ ቈልዑን መንእሰያትን ዘማልአ ይኸውን)። ዓበይቲ ካብ 20 ሰባት ንላዕሊ ክእክብ ዝኽእል | ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ውሽጣዊ ይኹን ግዳማዊ እንግዶታት ኣበየ ንኡሳን ዘባታት ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም። ቍጽሪ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ መንጐ ይግምገም።<br><br>ዓበይቲ: ቍጽሪ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ መንጐ ይግምገም። | ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን፡ ቍጽሪ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ መንጐ ይግምገም።<br><br>ዓበይቲ: ቍጽሪ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ መንጐ ይግምገም። |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | መናብር ዘይብሉን፡ ኲይኑ ከብቅዕ ግና ክሳብ 50 ሰባት ንደቂ ሓደ ዘባ ዝኾኑን ትሕቲ 20 ዝዕድሚኦምን ኣብ ግዳም ተኣኪቦም ክእንገድ ይከኣል።<br>ኣብ ውሽጣዊ እንግዶት እንተበዝሑ 100 ሰባት ኣብ ቈወምትን ዝተመልከተሎም መናብርን ዘሎዎ ኲፍ ምስ ዝብሉን።<br><br>ኣብ ግዳም ኲፍ ክብሉ ዝኽእሉ ደረት ብዝሒ ተሳተፍቲ 200 ሰባት ኢዩ፡ በብ200 (3x200) ሰለስተ ጉጅለታት-ኮሮና ኣኣብ ቈወምቲን ዘዝተመልከተሎምን መናብር ኲፍ ምስ ዝብሉን ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ኣኣብ መንጎ እተን ጉጅለታት-ኮሮና ምስ ዝሕሎ ክፍቀድ ይከኣል።<br><br>እንተድኣ ቈልዑን መንእሰያትን ምስ ካልእ ስፖርታዊት ጋንታ ካብ ካልእ ንኡስ ዞባ ዝኾነት ዘለማመዱ ኲይኖም፡ ኩነታት ለብዒ ምስ ዘፍቅዶ ምስታ ካብ ካልእ ንኡስ ዞባ ዝኾነት ጋንታ ክወዳደሩ ዝኽእሉ።<br><br>ትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ብቐረባ ዘይቀራረቡሉ ክሳብ ዝኾነ ብጂኦግራፊያዊ ዞባዊ ኣከፋፍላ እንተ ብጨንፈር ስፖርታዊ ክሊ ወይ ዞባዊ ክሊ ብምእካብ ኣብ ግዳማዊ ንጥፈታት ክሳተፉ ይከኣል ኢዩ።<br><br>ዓበይቲ ጥርኑፍ ውሽጣዊ ንጥፈታት ንከካይዱ ኣይንምሕጸንን። እኹል ርሕቀት ክሕሎ ምስ ዝከኣል ዓበይቲ ጥርኑፍ ግዳማዊ ንጥፈታት ከካይዱ ይኽእሉ | ጥርኑፍ ንጥፈታት ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ከካይዱ ኣይግባእን።<br><br>ካብ ውሽጣዊ፡ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንሓትት። | ካብ ውሽጣዊ፡ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንሓትት። | |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ኢዮም። | | | |
| **ማሕበራዊ ርክባትን/ብሕታውያን ኣባይትን** | ምስ ሰባት ምርኻብ ደርት። ካብ ውሽጣዊ፡ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንሓትት፡ ካብ 5 ንላዕሊ ኣጋይሽ ከይትቕበል። ተማሃሮን ቈልዑ ኣጸደ-ህጻናትን መምስ ጉጅለ-ኮሮናኦም ኣኣብ ቤቶም ክበጻጽሑ ይኽእሉ ኢዮም። እንተድኣ ኩሎም እቶም ኣጋይሽ ደቂ ሓደ ቤት ኰይኖም ካብኡ ንላዕሊ ምኹን ይከኣል ኢዩ፡ ርሕቀት ግና ግድን ክሕሎ ኣለዎ። | ክሳብ 10 ኣጋይሽ ክቕበል ይኽእል። ርሕቀት ሓሉ ዝብል ምኽሪ ኣኽብር። ካብ ውሽጣዊ፡ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንሓትት። | ክሳብ 20 ኣጋይሽ ክቕበል ይኽእል። ርሕቀት ሓሉ ዝብል ምኽሪ ኣኽብር። ካብ ውሽጣዊ፡ ግዳማዊ ንጥፈታት ንክካየድ ንሓትት።<br><br>ምፋኺሳት ንክተኣታቶ ኣብ መንጐ ይግምገም። | ሓፈሻዊ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ |
| **ዋኒን ንግዲ** | ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ብምስትግባር ይኽፈት፡ናይ ባዕሉ ዝምልከቶ መለክዒ ጩንፈሩ ተወከስ/jf. egen bransjestandard | ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ብምስትግባር ይኽፈት፡ናይ ባዕሉ ዝምልከቶ መለክዒ ጩንፈሩ ተወከስ/jf. egen bransjestandard | ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ብምስትግባር ይኽፈት፡ናይ ባዕሉ ዝምልከቶ መለክዒ ጩንፈሩ ተወከስ/jf. egen bransjestandard | ሓፈሻዊ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ |
| **ቤት መግብታትን መስተን** | ምስሳይ ኣልኮላዊ መስተ ምስሳይ ምስ መግቢ ጥራሕ ይፍቀድ። ምስሳይ ኣልኮላዊ መስተ ሰዓት 22.00 ደው ይብል። እዞም ሕግታት እዚኣቶም ንካልኦት እንግዶታት እውን ይምልከቱ ኢዮም። | ምእታውን- ምስሳይ ኣልኮላዊ መስተን ስዓት 24.00 ደው ይብል፡ ምእዛዝ መግቢ ዝብል ጠለብ ኣይህሉን። ክማላእ ዘለዎ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ: ምዝገባ፡ ብዝሒ ኣጋይሽ ይቕንስን ምሕላው ርሕቐት ይማላእን፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ብዘየገድስ። | ክልከላ ምስሳይ ኣልኮላዊ መስተ ይለዓል። ክማላእ ዘለዎ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ: ምዝገባ፡ ብዝሒ ኣጋይሽ ይቕንስን ምሕላው ርሕቐት ይማላእን፡ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ። | ሓፈሻዊ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ስራሕ ዓለም** | እቶም ኣብ ቤቶም ኰይኖም ናይ ምስራሕ ዕድል ዘለዎም ኣብ ቤቶም ኰይኖም ይስርሑ። | እቶም ኣብ ቤቶም ኰይኖም ናይ ምስራሕ ዕድልን ወይ ናይ ምትዕጽጻፍ ሰዓታት ስራሕ ዕድል ዘለዎምን ኣብ ቤቶም ኰይኖም ይስርሑ። | እቶም ኣብ ቤቶም ኰይኖም ናይ ምስራሕ ዕድልን ወይ ናይ ምትዕጽጻፍ ሰዓታት ስራሕ ዕድል ዘለዎምን ኣብ ቤቶም ኰይኖም ይስርሑ። | እቶም ኣብ ቤቶም ኰይኖም ናይ ምስራሕ ዕድልን ወይ ናይ ምትዕጽጻፍ ሰዓታት ስራሕ ዕድል ዘለዎም ብኸፊል ኣብ ቤቶም ኰይኖም ይስርሑ። |
| **ጉዕዞ ውሽጢ ሃገር** | ካብ ዘየድሊ መገሻ ውሽጠ-ሃገር ተወገድ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝርከብ ቤት በረኻን ሆቴልን ምጋሽ ይከኣል ኢዩ፡ እንተተኻኢሉ ግና ካብ ህዝባዊ መጐዓዝያታት ምጥቃም ምቑጣብ።<br>ናብተን ፎኲስቲ ስጉምቲታት ዘለወን ንኡሳን ዘባታት ንዝኸዱ ነናይ ዘባኦም ዝምልከት ምኽርታት ንክኽተሉ ናትና ኢሎም ክወስድዎ ይግባእ። | ጉዕዞ ውሽጠ-ሃገር ክካየድ ይከኣል ኢዩ። | ሓፈሻዊ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ ኣብ መንጐ ይግምገም። | ሓፈሻዊ ስጉምቲታት ምክልኻል ለብዒ |
| **ብሕታውያን እንግዶታት** | ኣብ ወግዓውያን በታታት ወይ እውን ኣብ ኣዳራሽ ክራይ ክሳብ 10 ሰባት ይፍቀዱ፡ ውሽጣውን ግዳማውን።<br><br>ካብ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ዘባታት ዝእከብ እንግዶት ንካልእ እዋን ክመሓላለፍ ወይ ክስረዝ ይግባእ። | ኣብ ወግዓውያን በታታት ወይ እውን ኣብ ኣዳራሽ ክራይ ክሳብ 20 ሰባት ይፍቀዱ፡ ውሽጣውን ግዳማውን።<br><br>ካብ ኣብ ውሽጢ ኣብ ግዳም ምእንጋድ ይበልጽ። | ኣብ ወግዓውያን በታታት ወይ እውን ኣብ ኣዳራሽ ክራይ ክሳብ 50 ሰባት ይፍቀዱ፡ ውሽጣውን ግዳማውን።<br><br>ካብ ኣብ ውሽጢ ኣብ ግዳም ምእንጋድ ይበልጽ። | ኣብ መንጐ ይግምገም |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |
| **ህዝባውያን እንግዶታት** | ኣብ ቀወምትን ዝተመልከተሎም መናብርን ዘለዎ ውሽጣዊ እንግዶት እንተበዝሑ 10 ሰባት ክሳተፍ ይኽእሉ፡ ይኹን ድኣ እምበር ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ዝኾኑን ደቂ ሓደ ንኡስ ዘባ ክሳብ ዝኾኑን ክሳብ 50 ሰባት ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም።<br><br>ኣብ ውሽጣዊ እንግዶት ኣብ ቀወምትን ዝተመልከተሎም መናብርን ኲፍ ክሳብ ዝበሉ ክሳብ 100 ሰባት ክሳተፉ ይኽእሉ። ክሳብ 200 ሰባት ኣብ ግዳማዊ እንግዶት ክሳተፉ ይኽእሉ፡ በብ200 (3x200) ሰለስተ ጉጅለታት-ኮሮና ኣኣብ ቈወምቲን ዘዝተመልከተሎምን መናብር ኲፍ ምስ ዝብሉን ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ኣኣብ መንጎ እተን ጉጅለታት-ኮሮና ምስ ዝሕሎ ግን ክፍቀድ ይከኣል። | ኣብ ውሽጣዊ እንግዶት ብዘይ ቀወምትን ዘይተመልከተሎም መናብርን እንተበዝሑ 20 ሰባት ክሳተፍ ይኽእሉ፡ ይኹን ድኣ እምበር ንትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ዝኾኑን ደቂ ሓደ ንኡስ ዘባ ክሳብ ዝኾኑን ክሳብ 100 ሰባት ክሳተፉ ይኽእሉ ኢዮም።<br><br>ኣብ ውሽጣዊ እንግዶት ኣብ ቀወምትን ዝተመልከተሎም መናብርን ኲፍ ክሳብ ዝበሉ ክሳብ 200 ሰባት ክሳተፉ ይኽእሉ።<br><br>ኣብ ግዳማዊ እንግዶት ልክዕ ከም ኣብ ናይ ዝሓለፈ ጽፍሒ ዘሎ ብዝሒ ደረት ተሳተፍቲ ይምልከት።<br><br>ካብ ኣብ ውሽጢ ኣብ ግዳም ምእንጋድ ይበልጽ። | ኣብ መንጎ ይግምገም ።<br><br>ካብ ኣብ ውሽጢ ኣብ ግዳም ምእንጋድ ይበልጽ። | ኣብ መንጎ ይግምገም። |
| **ጉዕዞ ውሽጠን ወጻእ-ሃገርን** | ንወጻእ-ሃገራት ዘይምጋሽ ዝብል ምሕጽንታ ኣብ ቦታኡ ይህሉ፡ ግድን | ንወጻእ-ሃገራት ዘይምጋሽ ዝብል ምሕጽንታ ኣብ ቦታኡ ይህሉ፡ ግድን ዘይተርፍ ምስ ዝኸውን ግና | ንመገሻታት ወጻእ-ሃገር ዕድል ክንከፍት ኢና፡ ነቶም ንኖርወይ ዝኣትው ውሽባን መርመራን ንምክያድ ግና ዘጊት ከም ዘሎዎ ክቕጽል ኢዩ። | ንኖርወይ ምእታው ዝምልከት ቅጥዕታት ቀጻልነቱ ከድሊ ይኽውን ኢዩ፡ ብሕልፊ ካብ |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| | ዘይተርፍ ምስ ዝኸውን ግና ክግየሽ ይከኣል ኢዩ። | ክግየሽ ይከኣል ኢዩ። ንኖርወይ ንዝኣትው ወጻእተኛታት ዝምልከት ቅጥዕታት ከም ዘለዎ ይቕጽል። ብቐዳምነት ንዝስርዑ ገያሾ ሸቃሎ ዕድል ይኽፈተሎም፡ ንቤተሰብ ንምብጻሕ እውን ንኖርወይ ንምእታው ዝሓሸ ዕድል ይህሉ። | ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት ቅጥዕታት ከም ዘለዎ ይቕጽል፡ ይኹን ድኣ እምበር ብምኽንያት ስራሕ ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከት እውን ናብ ንቡር ንንምላስ ዕድላት ክኽፈተሉ ኢዩ። | ሳልሳይ ሃገር ንዝመጽኡ ገያሾ ብዝምልከት። ካብ ገለ ገለ ከባቢታት ንዝመጹ ድማ ክውሸቡን ክምርመሩን ከም ዘለዎም ዝብሉ ጠለባት ንምምላእ ኣብ ግምት ክኣቱ ክኽእል ኣለዎ። ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከቱ ሕግታት እውን እናሓሰብናሎም ክንመጽእ ኢና። |